## ጽልኢ ሂብካ ኢኻ ትፈልጦ

ልቦና ንምስትዉዓል
ምእንቲ ስሚዒቱ ከዝሕል፡
ዓቕሊ ምስ ህድኣት
ዝኸዉን ንስኒት፡
ንዓሻ ከምዝጎድሎ
ምኹዋኑ ዘይተዓደሎ፡
ጽልኢ ሂብካ ኢኻ ትፈልጦ
ናብ ኣራዊት ክትልዉጦ።
መዓልትስ ኣይትሃሉ
ዓሻ ዝጸልኣሉ፡
ንሕዉነትስ ኣበይ ክዝክራ!
ንፍቕርስ ኣበይ ክኸብራ!
ሉጋሙ በጢሱ
ጋሊቡ ገስጊሱ፡
ፉፍ እናበለ ጽልኢ እዩ ዘተንፍስ
ጨሪሱ ዝግ ከይብል ቀልቡ ንኸመልስ።
እኩይስ ርጉም ደኣ ይኹን
ብፈጣሪኡ ይኮነን!
ንጽልኢ ካብ ዝኣጉዳ
ኣብ ልቢ ዓያሹ ከንድዳ።
ገሃጽ ኣቢሉ አሐይሉ
ለበዳ ክትኮነሉ።

## ናይ መጀመርታ ምዕባለ

ነታ መፋጥርቱ ተፈጥሮ
ክብለጻ ኢሉ ቃልሲ ከይደመሮ፡
ገና ኩሉ እናተረፎ
ተራቒቑ ያኢ ዘይሓለፎ፡
ሕማቕን ጽቡቕን ፈሊጠ
ካብ ደምበ እንሰሳ ኣምሊጠ፡
ምስ በለ ብሓንጎሉ
ኣእምሮ ምስኣጥረየ ዝሓስበሉ፡
ንሓፍረቱ እዩ ዝኸወለ
ሰብ ሀ - ዝበለ
ክድምሮ ንምዕባለ።

## ግዝየ ዘየዉድቕ

## ዘይከኣሉሉ ነቓጻት

ዝነዓቑዎ ዑቡያት፡
ሊቅ ኮይነሉ ነቲ ትምህርቲ
ንምሕላብ ጡብ መንግስቲ።
እንክትከል እናጠብቕኩ
እንክንቀል እናሃደምኩ፡
ንሙሉቕሉቕ ፈሊጠ
ከም እዋኑ ተገላቢጠ፡
እኒኹ ከምኣ ኢለ
ዳሰይ ከይፍረስኩ ተኺለ።

## እሱር እምነት

ስሓቖም እናተርተሮ ንልበይ
ጭፈረኦም እናሰለቦ ንኣእምሮይ፡
ክሕጎሱ ክዛነዩ
ክበልዑ ክሰትዩ፡
ማዕረጎም ኣግይጸም
ከም ዑንቂ ደሚቖም፡
ዓይነይ እንተረኣየ
ልበይ እናበኸየ፡
ኣቕኒኦሙኒ እኮ ዓለማዉያን
ስለዘይክእል ከምኦም ምኻን።

## ግዝየ

ክኸደልካ ኣይትደፍኦ
መሪሩካ ምስትጸልኦ፡
ክጸንሕ ኣይትስሕቦ
እንተፈቲኻዮ ንኽትጸግቦ፡
ዘይገበር መትሓዚ
ከይህልዎ ኣዛዚ፡
ግዝየ!
ከይተንቕሖ እናገስገሰ
እንከይተሓጉዋጎሰ፡
ንናይ ቀደም ኣጽዲፉ
ከምዘይፈልጦም ገዲፉ
ጠላም እዩ ንሓደስቲ እዩ ዝፈቱ
ኸኣ ምስኦም ቃልኪዳን ንዝይኣቱ።

## ኣደድኦም ንጨካናት

ሰብ ምስተሳበበሉ ምኽኒያት
ኣደዳኦም ኮይኑሎም ንጨካናት፡

እታ ንእሽተይ በደሉ መዓት ኣምጺኣትሉ።
ብዙሕ ተኾኒኑ ተባሂሉ ኣጥፊኡ
ከምዛ ዘይጠቅም መቕጻዕቱ በርቲኡ።
እኩዋ ከይጠዓስ
ዝያዳ ከይክሕስ፡
ኣብ እንዳ ጨካናት ሰብ ኣይኸብር
ጌጋ እንተጌሩ ካብቲ ጌጋ ይሓስር
ይቕረታ ከይረክብ ምንም ከይመሓር።

Back to Meskot

---

***The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by** *Meskot*. **You may contact Amanuel Belay for comments at** amanbelay3@yahoo.ca.*